ጸባ ሰቲና ብመንእሰያት ኢስራኤል
ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ብሙዑታት መንእሰያት ደቂ ኤረ
ብስርሒት ዓርቢ ምሸት ተደሪረ
ብደለይቲ ፍትሒ ጸባ ሰትየ ሐዲረ..

ኣውሊዔይ ባንዴራ መለይ ደቂ ኤረይ
ምእንታኻ ወዲቖም ኣስላማይ ክስታናይ




መለይ ንስኺ ውርሻ ናይ ኣቦይ ኣደይ..

ጸባ ሰቲና ብመንእሰያት እስራኤል
ሃዲማ ከይዳ ሄለን መለስ ስረኤል



ትኪ ተኽዲኖም ሰዓበቲ ሳጥናኤል..

ኣለዉና ኣለዋና ተስፋ ናይ ጽባሕ
ንሱ እዩ እቲ ስራሕ ንጃንዳ ሐሕ
ንዳሰት ህግደፍ ምባል ፋሕ ፋሕ
እግሪ እግሮም ሲዒብካ ምፍንጣሕ..

ኤረትራዊት ኣደ ደም እንዳ ነብዔት
ሄለን ተቃላሲት ነበር ሕድሪ ዝረሰዔት
ንዲክታቶር ከይትጠልም ቃል ዝኣተወት..

ዝሐበረ ፈትሊ ኣንበሳ ይኣስር
ተማሂርኪ ዶ ሄለን መለስ ቅንዝር

*መንእሰይ ዕርድታት ጸላእቱ ከም ዝሰብር*
*ዘዋሃህዶ እንተ ረኺቡ ንህግደፍ ከም ዘባርር*
*ስራሕ ምስ ተጀመረ መንዩ ዶብ መረብ ክሰግር..*

*ሄለን ሕጂ ዶ ይሐይሽ ዋይ ዋይ*
*ብኮማንዶ ስዊስ ዋጬ ዋጬ ኣህባይ*
*ረሲዕክዮ ዲኺ ናይ ዘማች ምእዋይ..*

*ዓገብ ፍትሐዊያን ከይትሰምዕ*
*ሄሌን ዝሐሰበቶ ክተሳዕስዕ*
*ምስ ሰብ ዛር ህግደፍ ክተጉርዕ*
*ለብሊ ብዋ ሃልሃልታ ናይ ውጹዕ..*

*መንእሰያት ኢስራኤል ሰይሰይ*
*ብስኒት ኣስላማይ ምስ ክስታናይ*
*ክብል ኣብ 2017 ተወሊዓ ፋኑሰይ*
*ብሕድሪ ጀጋኑ ዘይጠለሙ መናእሰይ..*

*መናእሰይ ከይፈተዉ ዝገደፉ ዓዲ*
*ንኣገልገልቲ ጭፍራ በቲኖሞም ብግዲ*
*ንስነ ጥበባዊያን ጃንዳ ኣትይዎም ራዕዲ..*

*ንመንእሰይ ኢስራኤል ኣድኒቐዮ*
*መንእሰይ ድያስፖራ ካባኻ ንጽበዮ*
*ብስኒት ብፍቕሪ ንኣርዮስ ክንኣልዮ..*

*መንእሰይ ንየዋህ ኣደ ደቢስካያ*
*ንሄለን ወኻርያ ኣህዲምካያ*
*እንዳ ላህለሀት ነስመራ ኣትያ*
*ንሄለን መለስ ዋኻርያ*
*ሕርሕራይ ገርካ ትምህርቲ ሂብካያ*
*ጭርሖ ደለይቲ ፍትሒ 2017 ንሳ እያ..*

*መንእሰያት ዳስ ጃንዳ ፋሕ ክብል ዝገበሩ*
*ብመንእሰያት ኢስራኤል ስራሕ ተጀሚሩ*
*እቶም ሕድሮም ረሲዖም ገንዘብ ዘፍቀሩ*
*እቶም ዝተረፉ ከም ዘማች ሄለን ክማሃሩ..*

*መንእሰይ ደጋፊ ህግደፍ ግደፍ እባ ግደፍ*
*ወድኹም ኮብሊሉ ተባሂሉ ኣቦ ኣደ ይግረፍ*
*ካብ ተመሊስካ ተኻዕብት ጁባ ናይ ህግደፍ*
*ግደፍ ኣየዋጻኣክን ንሑጹባት ማዓንጣ ምጽራፍ*
*እቕረ ሐቲትካ ምስ ደለይቲ ፍትሒ ተሰልለፍ..*

*ሰስኑ ደለይቲ ፍትሒ ደቂ ኤረትራ*
*ንሳነ እሞ ደለቲ ለውጢ ድያስፖራ*
*ንተረፍ ደርጊ ጉንበት ውላድ ኣምሐራ*
*ክነባርሮም ኣርዮስ ዝመርሖም ጨፍራ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዐ ዘሎ ህዝብና*
*ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና..*

*ብሽም ደለይቲ ፍትሒ*
*ገጣማይ በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*